መዝሙር ሓድነት ብስራሕን ብዛዕባ እቲ ትጣበቖሉ ህዝቢ ምስትራኽብ እምበር ብክልሳ ሓሳብን ኣዳራሻትን ኣዳራሽ ቀይርካ ስለ ዝተዛተኻን ዝተሰማማዕካን ኣይረጋገጽን እዩ"

ሰውራ ኤረትራ ብተጋድሎ ሓርነት ኤረትራ ጀሚሩ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ካብ ውሽጡ ህ.ግ. ተፈጢሩ ዕሙቕ ኢለ ብዛዕባ ኣፈጣጥራ ህዝባዊ ግንባር ዘይዘርዘርኩ ዝተፈላለየ ዓይነት ርዲኢት ክህልወና ስለ ዝኽእል እየ።ብዝኾነ ድሕሪ ደርጊ ኣብ ስልጣን ምምጻእ ብጀነራን ኣማን ዓንዶም ዝምራሕ መንግስቲ ደርጊ ህዝቢ ምስ ሰውራኡ ተራኺቢ ዕርቒ ኣብ ደቁ ክገብር ወከልቲ ክልቲኡ ውድባት ኣብ ወኪ ዛግር ክገብር ምስ ተፈቕደ ብዓል ዶክተር በረኸት ተስፈንኪኤል ጆርጆ ዝተረኽቡሉ ኣጋጣሚ ብሰብ ጥሙሕ ዕላማ ውግእ ሕድሕድ ጥራይ ዘይኮነ ዓይነታውያን ተቓለስቲ ከምዝወሰደ ታሪኽ የዘንትው እዩ።ተስፋንኪኤል ጆርጆ እኮ ንውሕስነት ሂወቱ ጆብሃ ከምዝዓቀበቶን ድሕሪ ነጻነት ብህ.ግ. ብሳይለንሰር ከምዝጠፍኤ ዘተንብህ ሓቅታት ኣሎ ኣቐዲምካ ቅድሚ ቤት ፍርዲ ምስግንዛቤኻን እምንቶኻን ምዝራብ ብገለገለ ተቓለስቲ ጭብጢ ዝብል ሙጉት ነቲ ብዓል ጭብጢ ዝሰነደ ሙጉት ገዲፎም ነቲ መወከሲ ሒዙ ዝሙግት ስለ ስለ ዝሙግቱ ንጎድኒ ገዲፈ ኣብ ሕመረት መልእኽተይ ክምለስ።

በዚ ዜና ክንደይ ክፋል ሕብረተሰብ ወይ ክንደይ ህዝቢ ይሕጎስ።ብፍላይ እቲ ኣብ ዲያስፖራ ዝነብር ህዝቢ ተቓላሳይ ብጀካ ንዝልኣኽዎምን ነቶም ቂንጣሮ ብኒክ ኔም ዓስኪሮም ዝርከቡ ስራዊት fb ኣቋውማን ግዝፍን ውደባን ዝፈልጥ እዘን ውድባት ክደናገር ኣይክእልን እዩ።ወላውን እቲ ብሄራዊ ውደባ ዘለዎ ውድብ ኩናማ ንብሙሉእ እቲ ብሄር ከምዘይውክል ኣብ ኣሜሪካ ዘጋጠሞ ምዝካር ይክኣል በታ ሰራም ቋንቋ ሰውራዊ ገበን ዓጀብ መራሕቲ ሓድነት ምወሰኽኩ ንግዚኡ ይኣኽለኒ።

እንቢ ንክድምና

ንናይ ሓባር ሽርክና ብመትከል!!

ሰላም ንህዝቢ ኢትዮጵያ!!

ኤረትራን ኤረትራውነትን ክቕጽል እዩ!!

ዘርእሰናይ ሃይለሚካኤል(ሰናይ)